ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

# ቃል ሓዘን

ትማሊ መዓልቲ ዕርፍቲ ናይ ክብርቲ ሓብትናን ብጸይትናን ጽገወይኒ ሃይለ ተስፋጽዮን በዓልቲ-ቤቱ ንብጻይና ሃይለስላሴ ኪዳነ ምስ ሰማዕና መሪር ሓዘን ተሰሚዑና። ብርግጽ ንውሕ ዝበለ ግዜ ዝወሰደ ጥዕና ምስኣን ናይ ክብርቲ ሓብትናን ብጸይትናን ጽገወይኒ ከንሰምዕ ምጽናሕና ዝዝከር ኮይኑ፡ ኮነ ምስ ተባህለ ግን ብጣዕሚ ኣተሓሳሲብናን ኣዝዩ ኣጕህይናን።

ሕጂ ኸኣ ሓብትና ጽገወይኒ ድሕሪ እዚ ኩሉ ስቓይ ካብ ክቡራት ቤተ-ሰብን ካባናን ከምዚ ኢላ ምፍላያ፡ ሞት ንኹሉ ወዲ ሰብ ዘረኽኽብ ባህርያዊ ጽዋእ ናይ ኩሉ ፍጡር ይኹን ደኣምበር ኩሉ ናይ ቀረባን ርሕቑን ቤተ-ሰብን ስድራ-ቤታትን ኣብ ንቡር ህይወት ኮይኖም ብሓደ ኣብ ዘይረኽቡሉ ናይ ስደት ናብራ ምህላው ነቲ ሓዘን ኣዝዩ መሪር ከም ዝገብሮ ርዱእ ኢዩ።

እዚ ኩሉ ምረት ኣብ ልዕሊ ስድራናን ቤተ-ሰብናን ሕብረተ-ሰብና ዝወርድ ዘሎ ጭቆናታት ህዝቢ ኤርትራ መሊኡ ዝድበስ ኣብ ውሽጢ ሃገርናን ህዝብናን ሰላምን ቅሳነትን ምስ ዝረጋገጽ ጥራሕ እዩ።

ስለዚ ኩሎም ኣብዚ ዘለዉ ኣባላት መሪሕነትን ኣባላትን ንዓኻን ንኩሉኹም ስድራ-ቤትን ጽንዓት የውርደልኩም፡ ክእለቱ ይሃብኩም፡ ይብልኹም ኣለዉ።

ብሰንኪ መሪር ሓዘን ኩነታት ጥዕናኻ ኣብ ንቡር ዘይህልወሉ ህሞት፡ ምረቱ ከቢድ እኳ እንተኾነ ጥዕናኻን ጥዕና ደቅኻን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ተጻወሮ።

ካብ መሪር ሓዘን ዝተሰመየም ብጸትካ

ጀማል ሳልሕ

ኣቦ-መንበር፡ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ

12/11/2016